# <u>ብሐቂ ድዩ ሞይቱ</u>

ኣብርሃም ለኣከማርያም

ይዳሀ ኣሎ ኣብ እዝነይ
እቲ መረዋሕ ድምጺ ወያነይ
ይረኣየኒ ኣሎ ተሓንጊጡ ብረቱ
ክራር ሒዙ ክደርፍ ምስ ብፆቱ
እስኪ ግደፉ ኣይትበሉ ሞይቱ
ንሱስ ኣሎ እዩ ብሂወቱ።
ከመይ ገይረ ክኣምን  ሞይቱ ኢለ
መረዋሕ ድምፁ ኣብ እዝነይ እናዓለለ
ኣለዎ እኮ  ዘይተመለኣ ዕማም
ወገኑ ከናግፍ ካብ ጥምየት ካብ ሕማም
ኢያሱ ጀግና እዩ ኣይሽድን ኣርሒቁ
ወፍሪ ጀሚሩ ኣሎ ንልምዓት ተዓጢቁ
ግና ዝኾነ ኾይኑ
ብሓቂ ድዩ ጨኪኑ?
ብሓቂ ድዩ ኢያሱ ሞይቱ
ንመን ሓደጎ ዝናር ቅናቱ
እቲ ገጣሚ ፀሓፊ ከያኒ
እንታይ እዩ ኾይኑ ቁሩብ ዘይቕኒ
ኣስጢምኩም ሓዝዎ ስጋብ ለካቲት
ምስ ሓፋሽ ብዕሊ ክሰናበት
የቐንየልና ኢልና ሽልማት ክንህቦ
ወይም ሓሳቡ ክቕይር ቁሩብ ክንላቦ
ሞት ደኣ መዓዝ ሓዱሽ ኮይኑ
ጀግና እንትሞት ግና ከቢድ እዩ ሓዘኑ
ኣለኹ እናበለ  ከይመለአ ዋኒኑ
ከይተሰናበተ  ከይበለ ደሓን ኩኑ
ኢያሱ በርሀ   ከይዱ ጨኪኑ?
ለካቲት እናቐረበ ኣሎ ድዩ መገሻ
ወይስ እታ ቀያሕ ባቡር ጉዕዞኣ ጨርሻ?

ኮይኑ ናይ ጉዕዞ መወዳእታ
ወያ ቀያሕ ባቡር በፅሓ ፌርማታ
በል ደሓን ኩን ተቓላሳይ ኢ.ያሱ
ሳላ ልፍዓትካ ባህልና ተሓዲሱ
ሳላ እተቓለስካ ዓወት ተሓፊሱ።